**TIGRINYA A1 – STANDARD LEVEL – PAPER 1**
**TIGRINIA A1 – NIVEAU MOYEN – ÉPREUVE 1**
**TIGRINIA A1 – NIVEL MEDIO – PRUEBA 1**

Monday 19 May 2003 (morning)
Lundi 19 mai 2003 (matin)
Lunes 19 de mayo de 2003 (mañana)

1 hour 30 minutes / 1 heure 30 minutes / 1 hora 30 minutos

---

INSTRUCTIONS TO CANDIDATES

- Do not open this examination paper until instructed to do so.
- Write a commentary on one passage only. It is not compulsory for you to respond directly to the guiding questions provided. However, you may use them if you wish.

INSTRUCTIONS DESTINÉES AUX CANDIDATS

- Ne pas ouvrir cette épreuve avant d'y être autorisé.
- Rédiger un commentaire sur un seul des passages. Le commentaire ne doit pas nécessairement répondre aux questions d'orientation fournies. Vous pouvez toutefois les utiliser si vous le désirez.

INSTRUCCIONES PARA LOS ALUMNOS

- No abra esta prueba hasta que se lo autoricen.
- Escriba un comentario sobre un solo fragmento. No es obligatorio responder directamente a las preguntas que se ofrecen a modo de guía. Sin embargo, puede usarlas si lo desea.

ካብዞም ዝስዕቡ ክፋል ፅሑፋት ነቲ ሓደ መሪፅካ/ኪ ርእይቶኻ/ኺ ፀሓፍ/ፊ።

## (1a) ኤይድስ

ኤይድስ
        ንግስቲ ሓዘን
ናይ ጸገም ድግስ
        ናይ ስቓይ መኽዘን

ኣይትሰምዕንዶ?
        ኣውያት ናይ እኖታት
        ብኽያት ናይ ሕጻናት
ኣይትፈርሕንዶ?
        መርገም ናይ ዓበይቲ
        ቁዛመ ኣንስቲ

ሞት'ያ ክትሓፍሲ
        ሕማም ዘሪኢኪ
ህዝቢ ክተፍልሲ
        ኣካል ኣማሲንኪ
እዙይ'ዶ መልሲ?
        ንዝሰኣነ ህያብኪ?

ያኢ ጸገሙ ውሒዱ
ገና ብጥሙዩ ክብዱ

መሲሉኪ ድዩ ተዓሙዋ
ንጣብ ማይ እኳ ሓሪሙዋ

ተረኺቡለይ ጣቋ
ናትኪ ናይ ስቓይ ቋንቋ

ንወዮ ዕሽር ዝወጸ
        ንግድል ተፈጥሮ ኣስኒፉ
ካብ ናይ መቕዘፍቲ መላጸ
        ካብ ዓሶ ሰዓል ተሪፉ

ዕሽል ኣይትብሊ ህጻን
ዕድመ ኣይተኽብሪ እርጋን

ኣሕርር ንዝበቖለ
ቁርጽ ንዝተተኽለ

ወይዘሮ ኣይትብሊ ወረጃ
ስልጣን ኣይትብሊ ደረጃ

ቅንጥብ ንዝዓንበበ
ቁጽይ ንዝተረኽበ

ምሁር ኣይትፈርሒ ሊቅ
ህይወት ቀጣፊት ማዕጺድ
ናትኪ ነገርሲ ንጉድ!!

ኤይድስ ጉደኛ
ቀዛፊት ጸኛ

ክጥይቐኪ ዶ?
ስራሕኪ ክይኑኒ ጋዶ!

ንዘማዊስ ክም ሻሙ
ናይ ጽዩቕ ስራሕ ዕማሙ

ነቲ ህጻን ግን ዘይናቱ
እንታይ ምስበደለ ናብ ሞቱ?

ኤይድስ ሊለኛ
ፍርደ-ገምድል ጸኛ

እቲ ሃብታምስ ብጥበብ
ብጥንኩር ጉልበት ብገንዘብ

እንተ ዘይቀተልኪ እድኪሙ
እንተ ዘየጥፍእኪ ኣቕሂሙ

ይነብር የንውሕ ዕምሩ
ይቕጽል ስርሑ ተግባሩ

ወዮ ድኻ ግን ይሽበር
ዓንዲ ሕቖኡ ይሰበር
ብኣኺ ማሲኑ ይቕበር

ስርሓት እከይ
        እዚስ ነይግብሪ?
ይመስለኒ ንዓይ
        ናይ ሰይጣን ምኽሪ!!!

© ኪሮስ ብርሃነ (ነሓሰ ፲፱፻፺፫)

- እቲ ግጥሚ ዘልዕሎም ጉዳያት እንታይ እዮም? ቴማ እቲ ፅሑፍ'ከ እንታይ እዩ? ሕድሕዶም ብኸመይ ኣገባብ ይደጋገፉ?

- ውሽጣውን ግዳማውን መዋቕር እቲ ግጥሚ ብኸመይ ኣገባብ ተዋዲዱ?

- ስነ-ግጥማዊ ጠቕሚ እቶም ምስላዊ ኣዘራርባታት ብኸመይ ኣገባብ ተዋዲዶም? ምስቲ ቐንዲ ምሉእ-ሓሳብ ዘለዎም ርኽቢ'ኸ እንታይ ይመስል?

- ዜማን ድምፀትን እቲ ፈላማይ ብርኪ ናይቲ ግጥሚ ተጣዒሞ'ዶ? ብኸመይ መልክዕ?

(1b) ቤተይ /ብኽራይ ዝቕመጠላ/ ኣብ ርእሲ'ቲ ጕረቤት መቓብር ምዃናስ፣ መስኮታ እንተተኸፍተ መልክዕ ቀንጆና መቓብርን መስርዕ ብዙሓት ምውታትን ጋህ ኣቢላ ኢያ እተርኢ።

ንግሆ ካብ ምድቃሰይ ብድድ ኢለ ሓዲሽ ኣየር ንምርካብ መስኮተይ እንተኸፈትኩ ኣዕይንተይ ቅድሚ ንህያዋን ንምውታን ኢየን ዝርእያ። እንተኾነ ግን እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ምንም እኳ ምውታን እንተኾኑ፣ ናብኣቶም ኣቢለ ከጥምት ከሎኹ ብሰላም ደቂሶም ስለዝርእዮም ኩሉ ጊዜ ናይ ሕሊና መግቢ ይምግቡኒ። ብመንፈስ ከኣ የዕግቡኒ ነበሩ። ምኽንያቱ ከኣ እቲ ኣውራ ብፍቕሪ ናብኣቶም ኣቢለ ክስሓበሉ ዝኽኣልኩ ወይስ ካብ ህያዋን ንኣኣቶም ክምርፅኒ ዝኽኣለ ዋና ሓሳብ ኣብዚ ዘሎናዮ ናይ ህውከትን ክርክርን ሰዓት ርሓቐለይ ቅረበለይ ክይተበሃሃሉ ኣብ ዘዝተወሰኖም ቦታ ብሰላም ዓሪፎም ስለ ዝነበሩ ኢዮም።

ኣብዛ መንፅር መካነ ምውታን ዝኾነት ቤተይ በይነይ ንብዙሕ ጊዜያት ክነብር ከሎኹ ብዙሓት ፈተውተይ ክበፅሑኒ ኢሎም ይመፁ'ሞ ኩሎም በታ መስኮተይ ቅልቕል እንተበሉ እቲ ንኣይ ዝገጥመኒ መንፅር ዓይኒ /መቓብር/ ገጭ እናበሎም ማለት እናተጻነፎም ምውታን'ውን ከምዝተረበበ ኣዕየው ለሞ ኢሎም ተሰሪዖም ስለዝርእ ይዎምስ ብድንገት ገያም ናባይ ምልስ ኢሎም /እናበሉ/ "ክላእ እዛ ገዛኻ ዕብቕቲ ነይራ

ግን ኣብ መንፅር /ማዕዶ/ መቓብር ወይ ብሂረ ምውታን ብምዃና ንዓይኒ ረኣዩ ደስ ኣይተብልን ኢያ …” ብማለት ንመወዳእታኣም /ሞት/ ኣሉታ ኪህቡሉ ከለው፡ ብዘይካ እዞም ኣዕይንቶም ሕልፈት ህያዋን ህላዌ ምውታን ርብሩብ መቓብራት ክርእዩ ዘይደልዩ ካልኦት ሰባት “ገዛኻ ብጣዕሚ ዕብቕቲ ኢያ። ዕብቕቲ እተብላ ዘላ ካኣ መስኮታ ጉራን ፈኸራን ናብ ዘይሰመዓሉ ወገን ኣቢላ ስለ እትጥምት ኢያ።”

“ብሓቂ ካልእ ሰብ ከማና እንተድኣ ኮይኑ ንሕና ኣእዛንና ናይ ሓሚትን ክፍኣትን ደወል እናወቕዓ ናይ ሓሳር ሙዚቃ ብምስማዕ ፀሚመን ገርኒየን ካብ ዝነብራ መንፈስና ከኣ ብተንኮልን ዓመፅን ማህሚኑ ናይ ክፉእ ግብሪ ግዙእ ኮይኑ ካብ ምንባር፣ ንሕና’ውን በዚ ነገር’ዚ እናተሳቐና ካብ እንነብር ሓደ ሓደ ጊዜስ ናብዚ ቦታዚ እናመፃእና ዕረፍቲ ክንገብር ምተገብአ ነይሩ። ግን እንታይ ይኸውን፣ እዛ ቦታ እዚኣ ናይ ዘለኣለም ዓድና ምዃና ብኣፍና ድኣ እምበር ብመንፈስና /ልብና/ ስለዘይተቐበልናያ ኩሉ ጊዜ ናይ ሞት ድምፂ ከይንሰምዕ መሳኹቲ ገዛውትና ዓፂና ዓይንና ከኣ ነዚ ቅዱስ ናይ ሰላም ቦታ እዚ ከይርኢ ብናይ ዓመፅ መጋረጃ ጋሪድና ንነብር ኣሎና” እናበሉ ንመንፈስ ዝቕስቅስ ንሕል ና ዘበራብር ኣብ ትሕቲ ሓቀኛ ኣርዑት ዘንበርክኽ ቃል ኣፃውቱኒ።

ብዘይካዚ ከኣ ብደቂ ሰብ ብሕልፊ ከኣ ብፈተውተይ ዝመሰሉ /ስዕሙተ ይሁዳ/ ሰባት ል ዙብ መልሓስ ከምኡ’ውን ሓንቲ ነገር ከይበደልክዎም ዝዕንቀፈሉን ዝጥለፈሉን መፈንጠራታትን መፃወድያታትን ንምድላው ካብ ዝቃወሙንን ዝቃፀውንን ብዙሓት ናይ ተፈጥሮ ፀላእተይ ሃዲመ ምስዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሰላማውያን ሰባት /ምውታት/ ናብዛ ንግሆ ንግሆ መስኮተይ እናኸፈትኩ ብዓይነ መንፈስ ሰላም እናበልኩ ዝጥምታ ናይ ወድ ሰብ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ሰላማዊት ከተማ /መቓብር/ እናኸድኩ ኣዕርፍ ነበርኩ። ምስኣቶም’ውን ብመንፈስ እፃወት ነበርኩ።

/ኣብርሃ ገብረ ህይወት “ምሽት ምሽት መርዓ” ገፅ፣ 33–35/፣1987 ዓ/ም

- እቲ ፅሑፍ ዘልዕሎም ጉዳያት እንታይ እዮም? ሕድሕዶም ምስቲ ቴማ ዘለዎም ረኽቢ ብኸመይ ኣገባብ ተገሊፁ?

- ኣብቲ ፅሑፍ ዘለው ተዋሳእቲ እንመን እዮም? ርክቦም እንታይ ይመስል? እንይታይ ስነ-ፅሑፋዊ ትርጉም'ከ ኣለዎም?

- "ሕልፈት ህያዋን ህላዌ ምውታን" ክብል እንተሎ እንታይ ከመልክት ይኽእል? ስነ-ፅሑፋዊ ፋይድኡ'ኸ እንታይ ይመስለካ/ኪ?

- ቢሂላትን ምስላታትን እቲ ፅሑፍ ስነ-ፅሑፋዊ ፋይዳ ኣለዎም'ዶ? ምስቲ ቴማ ብኸመይ ተዛሚዶም?

---